






በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ ኣሜን! ክቡር ሓው ነጋሲ ክቡራን ምእመናን ነዛ ቐሪባትልና ዘላ ሕቶ ክንምልስ እግዚኣብሄር ይሓግዘና! እንህቦ መልሲ ኸኣ ብንኡስ ዓቕምን ብሓጺርን እምበር ከም ዕምቆት ኣፍልጦ ቤተ ክርስትያና ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣይኮነን!

ሕቶ፡- ስእሊ ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ሓንቲ ዓይነት ኮይና ኣብታ ሓንቲ ኣጻብዑ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል እተርኢ ኣብታ ሓንቲ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ...ትኽክለኛ ዘማሓላልፍ ክንፈልጦ ዝብል'ዩ!!

ኣብዘን እንርእየን ስእሊ ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እታ ሓንቲ ኣጻብዕ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል ተመልክት መግለጺ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እያ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ምኻኑ ኸኣ ተመልክት ጎይታውን ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ከምዝበለ (ዮሃ 10:30) ንሕና ኸኣ ከነማዕትብ እንከለና ብኣምሳሉ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ካብ ጸጋም ናብ የማን ብ ምምልካት ነማዕትብ። እታ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ እንከሎ ኸኣ ከም ስእሊ ኣብ ብዙሕ ቦታ ናይ ኦርቶድክስ ተዋህዶ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትን ትርከብያ፡ ትርጉማ ግን ከምቲ ክልተ ባህሪ ዝተብሃለ ዘይከነ ክልተ ልቢ ኣይሃልኻ! እንደገና ዳግማይ ከምዝመጽእ መግለጺ ዝብል ትርጉም ኣብ ዝበዝሕ ዝውሃባ ስእሊ'ያ! ክልተ ባህሪ ዝብል ትሩጉም እንተ ተዋሂቡ ግን ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስትያን ውን ክቐርብ ኣይምስተገብኣን!!

ክብራት ምእመናን ከም ኦርቶዶክሳውያን እታ ሓንቲ ኣጻብዕ ኣውጺኡ ትእምርተ መስቀል እተመልክት ክንጥቀም ይግብኣና፡ እታ ክልተ ኣጻብዕ ኣውጺኡ እንተ ሃሊያትናውን ዳርጋ ኩሉ

ክብሃል ይክኣል'ዩ ስእሊ ኀይታና ምኻኑ እምበር ኣጻብዑ ኣስተውዒሉ ኣብ ትንታነ ዝኣቱ ብዙሕ ኣይኮነን ! እተን ናይ ኢዱ ሽንካር ግን ዘየስተውዕለን የሎን!!

ሓደ ዓቢ ከነስተውዕሎ ዘሎና ግን ኣሎ ነቲ ዘይክዉን ክዉን ኣምሲልካ ምቕራብ ስራሕ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣይኮነን! እስኪ መጽሓፍ ቅዱስና ንመልከት ብሓቂ ከምቲ ግቡእ ድዩ ዘሎ፧ ካብ 81 ናብ 66 ኣጕዲለሞ ንሱኸኣ እናጠዋወኻ ! ንኣብነት መዝሙር 45፡16 እንተ ተመልኪትና ነቲ ኣብ ክንዲ ኣቦታትኪ ውሉድ ተወለዱልኪ፡ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ጌርኪ ክትሸምዮም ኢኺ" ዝብል ቃል ኣብ ክንዲ ኣቦታትካ ውሉድ ተወለዱልካ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ጌርካ ክትሸሞም ኢኻ " ቀይሮሞ።  ኣብ 45፡9 ...እታ ንግስቲ ጽሩይ ወርቂ ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቐውም። ትብል ቃል ግን ክቕይርዋ ኣይክኣሉን።

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኸኣ ነቲ ዝቖራረጽዎ መጽሓፍቲ ትጥቀመሉ,ያ መኸንያቱ ክቑጸር ዘይክእል ቃል ኀይታናን መድሓኒናን ዝሓዘ ስለዝኾነ! ኀይታና ኸኣ ቃለይ ካብ ክሓልፍ ሰማይን ምድርን ኽሓልፍ ይቐልል ኢሉና'ዩ!! ስለዝኾነ ትርግሙ እቲ ቀዳማይ ዝተውሃበና ትርጉሙ ከይተለወጠ ክንጥቀመሉ ጸኒሕና ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኸኣ ነቲ ባዕላቶም ዝጽሓፍዎ ይቃወምዎ ኣለዉ! ብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ተዳልዩ ተዋሂብዎም እንተ ዝኸውንከ እንታይ ምስበሉ፧

ክቡራን ምእመናን እዛ መልሲ ዝሃብናኩም መበገሲ ክትኮነኩም ትኽእል'ያ ንኸሉ ኸኣ ሃዲእና ብትዕግስቲ እንተ ተመልኪትናዮ ግልጺ'ዩ! ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኸኣ ኣብ ዓለም ብ መንፈሳዊ ኣካይዳ'ምበር ብ ፖለቲክን ገንዘብን ሰለ ዘይትንቀሳቐስ ከምዚ ከጋጥማ ግድን'ዩ!!

ፍልጠትን ኣሳልጦን ክህበና ኣብ ጸሎትኩም ዘክሩና!!

ክብሪ ንልዑል እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይኹን ኣሜን!!!

